Folkhälsomyndigheten

# ናይ ኮቪድ-19 ምርመራ ግበር

- ረስኒ፡ሰዓል ወይ ካልእ ምልክት-ሕማም ኣለካ ድዩ?

ምልክት-ሕማም ምስ ዝህልወካ፡ሕማም ኮቪድ-19 ዘለካን ዘይብልካን ንምፍላጥ ምርመራ ክትገብር የድልየካ።እቲ ሕማም ምስ ዝህልወካ፡ ካልኦት ሰባት ከይትለክፍ ክትጥንቀቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።ዓበይትን ልዕሊ 6 ዝዕድመኦም ቈልዑን ኲሎም፡ምልክት-ሕማም ምስ ዝህልዎም፡ ክምርመሩ ከም ዘለዎም በዓል-መዚ ሕዝባዊ ጥዕና ይሕብር።

**ሕማም ኮቪድ-19ን ምርመራታትን ብዝምልከት፡ብሽወደንኛ ዘይኮነ**
**ብኻልኦት ቋንቋታት ደዊልካ መልሲ ክትረክብ ምስ ትደሊ፡**
**ናብ'ቲ ሃገራዊ መስመር ተሌፎን 08-123 680 00 ደውል።**

## ሕጂ ኣብ'ዚ እዋን ሓሚምካ ምስ ትህሉ

ምልክት-ሕማም ኮቪድ-19 እንተ ኣለካ

ክትምርመርን ኣብ ገዛኻ ክትኸውንን ኣለካ።

ዋላ'ውን ጸረ ኮቪድ-19
ክታበት እንተ ወሰድካ
ከምኡ ክትገብር ኣለካ።

ምስ ትሓምም፡ኬድካ ምርመራ ምግባር ነጻ እዩ።

ኣብ'ዚ ዝስዕብ መካነ-መርበብና(ዌብሳይትና) ኣቲኻ
[www.1177.se/om-covid-19-prov](www.1177.se/om-covid-19-prov) (ብሽወደንኛ)

ኣብ ላዕሊ ኣብ'ቲ ገጽ፡ነቲ ዞባኻ ምረጽ።
ኣብ'ቲ ትነብረሉ ቦታ ምርመራ ብኸመይ ከም ዝካየድ ኣብኡ ከተንብብ ትኽእል።

እቲ ምርመራ ካብ ጐረሮን ሓደ ሓደ እዋን ድማ ካብ ጉርጓሓ ኣፍንጫን ብሓንቲ ንኡሽተይ መሓሳስያ ይውሰድ።ሳሕቲ እቶም ምርመራታት፡ፈተናታት ተባሂሎም'ውን ይስመዩ እዮም።
ናይ ስም ፍልልይ ደኣ'ምበር ናይ ትሕዝቶ ፍልልይ ግን የብሉን።
እቲ ምስ ሓመምካ ዝውሰድ ምርመራ ”PCR” ተባሂሉ ይስመ።

ዝተጸለኣካ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ፡

ግን እቲ ዝስመዓካ ዘሎ ምልክት-ሕማም

ንኣብነት መርዘን ወይ ኣለርጂ(እፍፈት) ኣብ ትሓመሉ እዋን

ዝረአ ምልክት-ሕማም ምኟኑ ምስ ተለልዮ

ምርመራ ምውሳድ ኣየድልየካን እዩ።

## ኣብ ገዛኻ ምኟን ቀጽሎ

ምርመራ ድሕሪ ምውሳድ

መልሲ ክሳብ ትረክብ

ኣብ ገዛኻ ክትኸውን ኣለካ።

እቲ ዝገበርካዮ ምርመራ፡ኮቪድ-19 ከም ዘለካ ምስ ዝሕብር፡

ካብ'ታ ፈለማ ዝሓመምካላ መዓልቲ ጀሚርካ ብውሑዱ ንሸውዓተ

መዓልትታት ካብ ገዛኻ ከይወጻኻ ክትውሸብ ኣለካ።

ኣብ'ተን ናይ መወዳእታ ክልተ መዓልትታት ድማ

ጽቡቕ ተሰሚዑካ

ካብ ረስኒ ነጻ ክትኸውን ኣለካ።

ድሕሪኡ፡ካልኦት ሰባት ስለ ዘይትለክፍ፡

ናብ ስራሕኻ ወይ ቤት ትምህርትኻ ክትምለስ ትኽእል።

ካብ'ቲ ሕማም ምሉእ ከም ዝሓወኻ ንምፍላጥ

ዳግማይ ምርመራ ክትወስድ የብልካን።

ካልኦት ሰባት ንኸይትለክፍ

እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ፡

ካብ ሓኪም መምርሕታት ክወሃበካ'ዩ።

ኮቪድ-19 ሓሚምካ ከለኻ ምስ ካልኦት ሰባት

ምስ ትነብር፡ኵሉኹም ካብ ገዛ ከይወጻኹም

ክትውሸቡ ኣለኩም።

እቶም ምሳኻ ዝነብሩ ሰባት'ውን እንተኾነ ካብ ሕክምና መምርሕታት ይወሃቦም እዩ።

ኣብ መንጎ ሓድሕድኩም ምፍንታት ይሃልኹም።

እቲ ሓሚሙ ዘሎ ሰብ ናይ ውልቁ ክፍሊ ምስ ዝህልዎ ዝሓሸ እዩ።

- ## ከቢድ ከም ዝሓመምካ ምስ ዝስመዓካ

ብርቱዕ ዝሓመምካ ኮይኑ ምስ ዝስመዓካ

ከምኡ'ውን ንኣብነት ምስትንፋስ ምስ ዘጸግመካ፡

ንክንክ ጥዕና(ሕክምና) ተወከሶ።

ክንክን ሕክምና ኣበይ ቦታ ከምትረክብ፡ኣብ'ዚ ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል።(ብሽወደንኛ)

ከቢድ ምስ ትሓምም እሞ'ኸኣ ዘየላቡ ህጹጽ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ናብ 112 ትድውል።

- ## ደድሕሪ ክታበት ምውሳድካ ምስ ትሓምም

ሓደ ሰብ ድሕሪ ጸረ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳዱ

ሓደ ሓደ ግዜ ድኻም፡ረስኒ፡ገብገብታ፡

ቃንዛ ጭዋዳታት ወይ ሕማም ርእሲ ክስመዮ ይኽእል እዩ።

እዚ ጐድናዊ ሳዕቤን ይበሃል።

ሓደገኛ ኣይኮነን።

መብዛሕቱ ግዜ ቀልጢፉ እዩ ዝጠፍእ።

ክሳብ ዝሕሽካ ኣብ ገዛኻ ኹን።

ካብ ሓደ መዓልቲ ንላዕሊ ምስ ዝጽለኣካ

ድሕሪ ክታበት ምናልባት ጐድናዊ ሳዕቤን የብልካን'ውን ይኸውን።

ምናልባት ሓሚምካ ትኸውን።

ከምኡ እንተኾይኑ ምርመራ ኮቪድ-19 ክትገብር ኣለካ።

## ቅድሚ ሕጂ ምርመራ ወሲድካ እንተ ነይርካ

ቅድሚ ሕጂ ተመርሚርካ እንተ ነይርካን

እቲ ሕማም ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ

ከም ዝነበረካ ምስ ትፈልጥ

ዳግማይ ምርመራ ምውሳድ ኣየድልየካን እዩ።

ሓኪም ግድን ክትወስድ ኣለካ እንተ ኢሉካ ግን

ምርመራ ክትገብር ኣለካ።

ክሳብ ትሓዊ ግን

ኣብ ገዛኻ ክትኸውን ኣለካ።

## ሓሚምካ ነይርካ
## ሕጂ ግን ምልክት-ሕማም እንተ ዘይብልካ

ቅድሚ ሕጂ ሓሚምካ ነይርካ ግን ሕጂ ምልክት-ሕማም ምስ ዘይህልወካ

ኮቪድ-19 ዘለካን ዘይብልካን ንምፍላጥ

ምርመራ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ከም'ዚ ዓይነት ምርመራ ጸረ ጓና-ኣካል ምርመራ ይበሃል።

ጸረ ጓና-ኣካል እንተ ተረኺቡልካ

ቅድሚ ሕጂ ኮቪድ-19 ከም ዝነበረካ የመልክት።

ጸረ ጓና-ኣካላ ምርመራ ንምውሳድ

ካብ'ታ ዝሓመምካያ መዓልቲ ጀሚሩ

እንተ ወሓደ ካብ 2 ክሳብ 3 ሳምንቲ ግድን ክሓልፍ ኣለዎ።

እዚ ጸረ ጓና-ኣካል ምርመራ ናይ ደም ምርመራ እዩ።

ነዚ ምርመራ ክትወስድ ምስ ትደሊ፡ኣብ'ዚ ዝስዕብ መካነ-መርበብ(ዌብሳይት) ኣቲኻ
www.1177.se/om-covid-19-prov (ብሽወደንኛ)
ዞባኻ ምረጽ።

ምርመራ ጸረ ጓና-ኣካል ንመን ከም ዝፍቀደሉ ዝውስን፡

እቲ ትነብረሉ ዞባ እዩ።

- **ወላ'ኳ ጸረ ጓና-ኣካላት ይሃልኻ፡**

  **ካብ ምጥንቃቕ ግን ድሕር ክትብል የብልካን**

ጸረ ጓና-ኣካላት

ኮቪድ-19 ምስ ሓመምካ

ኣካላትካ ዝፈጥሮ መከላኸሊ እዩ።

በዓል-መዚ ሕዝባዊ ጥዕና ከም ዝብሎ፡

ሓደ ሰብ ካብ'ታ ዝሓመመላ ዕለት ጀሚሩ

ብውሑዱ ን6 ኣዋርሕ እቲ መከላኸሊ ጸረ ጓና-ኣካላት ኣብ ኣካላቱ ኣሎ።

ጸረ ጓና-ኣካላት፡እቲ ቅድሚ ሕጂ ለኺፉካ ዝነበረ ቫይረስ

ከቢድ ሕማም ንኸስዕበልካ ዘለዎ ተኽእሎ፡

ሒደት ከም ዝኸውን ይገብሮ።

እቲ ሓደጋ ግን ምሉእ ብምሉእ ጠፊኡ እዩ ማለት ኣይኮነን።

ስለ'ዚ እዩ ኸኣ፡ወላ'ኳ እቲ ምርመራ ጸረ ጓና-ኣካላት ከም ዘለካ እንተ ኣመልከተ፡

ንኹሎም ነቶም ምኽርታት ብቐጻሊ ክትስዕቦም ዘለካ።

ንኣብነት ገለ ካብ'ቶም ምልክታት-ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ዝህልወካ

ኣብ ገዛኻ ክትኸውን ዘለካ።

- ምልክት-ሕማም ኮቪድ-19 ኣየኖት እዮም?

ኮቪድ-19 ንክልቲኦም ኢንፍሉዌንሳን ጉንፋዕን ይመስል።
ሓደ ወይ ዝያዳ ምልክት-ሕማም ክህልወካ ይኽእል:

- ሰዓል
- ረስኒ
- ጸገም ምስትንፋስ(ሕጽረት ትንፋስ)
- ዓቕሚ ምሽታትን ምስትምቓርን ምጥፋእ
- ቃንዛ ጉረሮ
- ነድሪ ኣፍንጫ
- ሕማም ርእሲ
- ቃንዛ ኣብ ጭዋዳታትን መላግቦ-ዓጽምን
- ዕግርግር(ቅልሽልሽ)
- ውጽኣት
- ማዕበስቲ ኣፍንጫ

ገለ ምልክት-ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ዝህልወካ

ተመርመር።

- ካብ 6 ንታሕቲ ዝዕድሜኦም ቈልዑ እንታይ ይምልከቶም?

ጌና ኣዚለ ክፍሊ ዘይጀመሩ ቈልዑ

ምርመራ ኮቪድ-19 ምውሳድ ኣየድልዮምን እዩ።

ምስ ዝሓሙ ግን ኣብ ገዛ ክኾኑ ኣለዎም።

ቈልዑ ሓደ ሓደ ግዜ ኮቪድ-19 ዘይኮነ፡

ቀሊል ምልክት-ሕማም ክህልዎም ይኽእል።

ንኣብነት ኣብ ግዳም ዛሕሊ ምስ ዝህሉ

ኣፍንጫኦም ጸረር ክብል ይኽእል።

ከምኡ እንተኾይኑ እቶም ቈልዑ መዋእለ-ሕጻናት ክኸዱ ይኽእሉ እዮም።

- እንታይ እንታይ ዓይነት ምርመራታት ኮቪድ-19 ኣለዉ?

ሕጂ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ኮቪድ-19 ሓሚምካን ዘይሓመምካን ንምፍላጥ፡ዝሕብሩ ምርመራታት ኣለዉ።

ከም’ዚኦም ዓይነታት ምርመራታት፣ምርመራ PCR ወይ ምርመራ ጸረ-ጂን ተብሂሎም ይስመዩ።ቅድሚ ሕጂ ሓሚምካ ነይርካ ሕጂ ግን ምልክት-ሕማም ምስ ዘይህልወካ፣

ካልእ ዓይነት ምርመራ ክትወስድ ትኽእል።

እዚ ምርመራ ጸረ ጓና-ኣካል ተባሂሉ ይስመ።ኮቪድ-19 ዝነበረካን ዘይነበረካን ድማ የመልክት።

## ከም ዝሓወኹ ንምርግጋጽ ምርመራ ክገብር የድልየኒ ድዩ?

ከም ዝሓወኻ ንምፍላጥ

ዳግማይ ተወሳኺ ምርመራ ኣይትግበር።

ምርመራ ድሕሪ ምግባርካ፣

ኮቪድ-19 ከም ዘለካ እንተ ተፈሊጡ፣

ካብ ገዛ ከይወጻኻ ክትውሸብ ኣለካ።

ነቶም ካልኦት ሰባት ከይትለክፍ፣

እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ፣

ክንክን ጥዕና(ብሕክምና) ዝህበካ መምርሒታት ሰዓቦም።

ካብ’ታ ፈለማ ዝሓመምካላ መዓልቲ ጀሚርካ

ብውሑዱ ንሸውዓተ መዓልትታት ኣብ ገዛ ክትኸውን ኣለካ።

ኣብ’ተን ናይ መወዳእታ ክልተ መዓልትታት

ካብ ረስኒ ነጻ ኾይንካ ሰናይ ጥዕናን ክስመዓካ ኣለዎ።

ድሕሪኡ ተላባዒ ስለ ዘይኮንካ፣

ናብ ስራሕኻ ወይ ቤት ትምህርትኻ ክትምለስ ትኽእል።

- ## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ እኽእል?

ኣብ’ቲ ትነብረሉ ቦታ፣ምርመራ ንምግባር ግዜ ከመይ ገይርካ ከም ትሕዝ፣ኣብ’ዚ ከተንብብ ትኽእል።
www.1177.se/om-covid-19-prov (ብሽወደንኛ)

ግዜ ከመይ ገይርካ ከም ዝተሓዝ ምርድኡ ምስ ዘጸግመካ፣

ንገለ ትፈልጦ ሰብ ክሕግዘካ ሕተት።

ብዛዕባ ኮቪድ-19ን ምርመራታትን፣

ብሽወደንኛ ዘይኮነ ብኻልኦት ቋንቋታት

ደዊልካ መልሲ ክትረክብ ምስ ትደሊ፣

ናብ’ቲ ሃገራዊ መስመር ተሌፎን **08-123 680 00** ደውል።